ውቅሮ ቤት ህንፀት ማእኸል ንሕጊ ተሃነፅቲ ን2018 ባጀት ዓመት ንሓደ ዓመት ውዕሊ ኣስሩ ክምግብ ዝኽእል ሕጋዊ ነጋዳይ ብግልፂ ጨረታ ኣወዱሩ ከህብ ይደሊ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጳጉሜን 3, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 13, 2018 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000.00
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 13, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ / ካፌን ሬስትራንትን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ውቅሮ ቤት ህንፀት ማእኸል ንሕጊ ተሃነፅቲ ን2018 ባጀት ዓመት ንሓደ ዓመት ውዕሊ ኣስሩ ክምግብ ዝኽእል ሕጋዊ ነጋዳይ ብግልፂ ጨረታ ኣወዱሩ ከህብ ይደሊ::

መቅረቢት/ተወዳደርቲ/ቅድምያ ከማላእዎ ዝግበኦ ረቋሒ

1. ብናይ ሆቴል፣ሬስቶራንትን ቁርስ ቤትን ንግድ ፍቃድ ዘለዎ ናይ 2017ዓ/ም ወይ 2018ዓ/ም ዝተሃደሰ ዘቅርብ ፡

2. ናይ መቅረባይነት ሰርቲፍኬት ናይ 2017ዓ/ም ወይ 2018ዓ/ም ዝተሃደሰ ዘቅርብ ፡

3. ናይ ግብሪ ኸፋሊ መለለይ ቲን ናምበርን ሻት ዝተመዝገበሉን ሰርትፍኬት ዘቅርብ።

4. ወርሓዊ ናይ ሻት ሪፖርት/ድክላረሽን/ናይ ወርሒ ሓምለ 2017ዓ/ም ዘቅርብ።

5. 1—4 ዝተዘርዘሩ ኦርጅናል ምስ ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል።

6. መኽበሪ ጨረታ እቲ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ብባንኪ ዝተራጋገፀ ቸክ፣ CP.O፤ብጥረ ገንዘብ ብር 30000.00 /ሰላሳ ሽሕ ቅርሺ ከትሕዝ ዝኽእል።

7.ንሓደ ተሃናፂ መዓልታዊ ባጀት ምስ ሻቱ ብር 98.10/ቴስዓን ሸሞንተን ብር ምስ 10/100 ኾይኑ ኣብ ወርሒ ድማ 2943.00/ክልተ ሽሕን ትሻዓንተ ሚኢትን ኣርባዓን ሰለስተን ብር ምስ 00/100 ጥራሕ ምኻኑ ።

8. ጨረታ ሰዓራይ ምኻኑ ካብ ዝተረጋገፀሉ መዓልቲ ድሕሪ 3' ናይ ስራሕ መዓልቲ ጥርዓን ኣብ ዉሽጢ 3' ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕል ከኣስር ዝኽእል በቲ ዝተጠቐሰ መዓልቲ ዉዕሊ እንተዘይኣሲሩ ዘትሓዞ መኽበሪ ጨረታ ናብ ናይ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይኸውን።

9. ተጫረቲ ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ዝገልፅ ካብ ዕለት 03/13/2017ዓ/ም ክሳብ 13/1/2018ዓ/ም ሰዓት 8:30 ዘይምለስ ብር 200.00 /ክልተ ሚኢት ቅርሺ እናኸፈሉ ካብ ቢሮ ቁፅሪ 4ተ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ንብ/ምም/ርን ክወስዱ ይኽእሉ። እቲ ጨረታ ዕለት 13/1/2018ዓ/ም ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ድሕሪ ሰዓት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዝተረኸብሉ ይኹን ኣብ ዘይተረኸብሉ ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ድሕሪ ናይ ጨረታ ሳፁን ምዕፃዉ ዝመፅእ ፖስታ ይኹን ሓሳብ ተቕባልነት የብሉን ብተወሳኺ ንዝወፀ እስፐስፍኬሽን ኣማሊኡ ዘይተረኽበ ተወዳዳሪ ካብ ዉድድር ዉድቂ ከምዝግበር ክፈልጥ ኣለዎ።

11. ሰዓሪ ዝኾነ ተወዳዳሪ ካብ ጠቕላላ ናይ ወርሒ ዝከፈሎ ብር 10% መኽበሪ ዉዕሊ ዘትሕዝ ኮይኑ ንዘቕርቦ ግልጋሎት ምግቢ ዝኽፈሎ ገንዘብ ልዕሊ 10,000ብር እንተኾይኑ 3% ዊዝ ሆልድ ታክሲ ይኸፍል።

12. ን ክፍሊት ብመስራቤት ዝሸፈን ኾይኑ ዝተረፈ ኩሉ ናይ ሰራሕተኛታት ይኹን ኻልኦት - ባዕሉ ዝሸፍን::

13. ንምግብና ዘገልግሉ መሳርሕታት ናይቲ መስራቤት ዝኾኑ ንብረት እንተሃሊዮም ን3 /ሰለስተ/ ወርሒ ብነፃ

ይጥቐም ድሕሪ 3 ወርሒ ግና ብኽራይ መልክዕ ክጥቀም ይኽእል ።

14. እቲ ዝምላእ ዋጋ ምስ ሻቱ ኾይኑ ኣብ ፅሬትን ግራምን ምውሳኽ ዝካኣል ኾይኑ ኣብ ባጀት/ቅርሺ ምቅናስ ኣካኣልን ። እቲ ዝምላእ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይ ተጫረቲ ንዑር ኣድራሻ፣ ማህተም፡ሽምን ፌርማን ብምግባር ኣብቲ ብመ/ቤትና ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ዋጋ መምልኢ ቅጥዒ ጥራሕ ተመሊኡ ብፖስጣ ብምዕሻግ ነዚ ጨረታ እዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ም/ን ቢሮ ቁፅሪ 4+ ኣብ ስራሕ ሳዓት ዘእትው።

15. ዋጋ ጨረታ ፀንዑ ዝፀንሐሉ ጨረታ ካብ ዝኸፈተሉ ዕለት ጀምሩ ንተኸታታሊ 20 መዓልቲ ይኸውን።

መስራቤትና ዘሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤፤

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብኣካል ወይ ብስልኪ 0942660820 ወይ 0914112307 ምሕታትይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle